## ሄፓቲቲስ ቢ እንታይ እዩ?

ሄፓቲቲስ ቢ ማለት ብሄፓቲቲስ ቢ ቫይረስ ዝመጽእ ከቢድ ናይ ጸላም ከብዲ ረኽሲ እዩ። ንዉሑዳት ሰሙናት ዝጸንሕ ፎኪስ ሕማም ወይ ከቢድ ናይ ዕድመ ምሉእ ሕማም ክከዉን ይክእል እዩ።

ሕዱር ሄፓቲቲስ ቢ ካብ ዘለዎም 4 ሰባት እቲ 1 ከቢድ ናይ ጸላም ከብዲ ጸገማት፣ መንሽሮ እዉን ከይተረፈ፣ ከማዕብል ይኽእል እዩ ይኩን እምበር ቀልጢፉ እንተተፈሊጡ ሕክምናን ክትትልን ኣለዉ።

## ሄፓቲቲስ ቢ ብኸመይ እዩ ዝመሓላለፍ?

ሄፓቲቲስ ቢ ዝተለኸፈ ደም ወይ ናይ ሰዉነት ፈሰስቲ ብምትንካፍ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ይመሓላለፍ። ካብዞም ዝስዕቡ ክሓልፍ ይኽእል ኢዩ፡-

- ካብ ነብሰ-ጾር ናብ ህጻን ኣብ እዋን ሕርሲ
- ካብ ብሄፓቲቲስ ቢ ዝተጠቕዐ ሰብ ናይ ደሙ ብምትንካፍ
- ናይ ብሕቲ መጸራረይ ነገራት ምስ ሄፓቲቲስ ቢ ዘለዎ ሰብ ብሓባር ምጥቓም ከም ናይ ስኒ ብሩሽን፣ ላማ፣ ጽፍሪ መቁረጺን ወይ ናይ ሕክምና መሳርሒታት (ከም ናይ ግሉኮዝ መቈጻጸሪ)
- ኣብ እዋን ጾታዊ ርክብ
- መርፍእ፣ ስሪንጋ፣ ወይ መድሃኒት ንምድላው ዘኽእል መሳርሒ ብሓባር ብምጥቃም

## ሄፓቲቲስ ቢ በዞም ዝስዕቡ ኣይመሓላለፍን እዩ፡-

- ብሓባር ብምምጋብ ወይ መመገቢ ኣቁሑ ብምጥቃም
- ልሙዳት ምትንኻፋት ከም ምትሕቁቋፍ፣ ምስዕዓም፣ ወይ ብኢድ ምትሕሓዝ
- ማይ ወይ ኣየር

## ንተወሳኺ ሓበሬታ፡-


**Centers for Disease Control and Prevention (CDC፣ ማእከል ምክልካልን ምቁጽጻርን ሕማም)**
www.cdc.gov/hepatitis/hbv/

HepBHub
doh.wa.gov/hepbhub

DOH 420-405 May 2022 Tigrinya

ነዚ ሰነድ እዚ ብካልእ መልክዕ ንምሕታት ናብ 1-800-525-0127 ይደዉሉ። ጽሙማን ወይ ናይ ምስማዕ ጸገም ዘለዎም ዓማዊል ብኽብረቶም ናብ 711 (Washington Relay) ወይ ናብ civil.rights@doh.wa.gov ኢመይል ይግበሩ።

ምንጪ፡- Minnesota Department of Health, Hepatitis B



# ሄፓቲቲስ ቢ፡-
# ኩሉሰብ ክፈልጦ ዘለዎ

Washington State Department of Health




## መን እዩ ክምርመር ዘለዎ?

እቲ እንኮ መንገዲ ሄፓቲቲስ ቢ ኣለኩም ከይኸዉን ክትፈልጡሉ ትኽእሉሉ መንገዲ ብምምርማር እዩ።

- ኩለን ነብሰ-ጾራት ስሩዕ መርመራ ናይ ሄፓቲቲስ ቢ ክገብራ ኣለወን። ሓንቲ ነብሰ-ጾራር ሄፓቲቲስ ቢ ምስ ዝህልዋ፣ ብእዋኑ ምክታብ እቲ ቫይረስ ናብቲ ዕሸል ንከይመሓላለፍ ክሕግዝ ይኽእል እዩ።
- ሄፓቲቲስ ቢ ምስ ዘለዎ ሰብ ዝነብሩ ሰባት።
- ብሄፓቲቲስ ቢ ናይ ምትሓዝ ዝለዓለ ዕድል ዘለዎም ሰባት፤ እዚ ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልል፦
  - ኣብ ከም ኣፍሪቓ ወይ ኤስያ ዝኣመሰሉ ሄፓቲቲስ ቢ ብብዝሒ ዝርከበሎም ቦታታት ዝተወለዱ ወይ ወለዶም ኣብዞም ከባቢታት ዝተወለዱ ሰባት
  - ሓሺሽ ብመርፍእ ዝወስዱ ሰባት
  - ምስ ኣወዳት ጾታዊ ርክብ ዝፍጽሙ ኣወዳት

## መን እዩ ክኽተብ ዘለዎ?

Centers for Disease Control and Prevention (CDC፣ ማእከል ምክልካልን ምቁፅፃርን ሕማም) ናይ ሄፓቲቲስ ክታበት ንመብዛሕትኡ ሰብ ይመክር እዩ፤ ነዞም ዝስዕቡ ሓዊሱ፦

- ኩሎም ህጻናት
- ኩሎም ዘይተኸተቡ ህጻናትን ክሳብ 59 ዝዕድሚኦም ኣባጽሕን፣ ምክንያታት ሓደጋ ብዘየግድስ
- ዕድሚኦም 60 ን ካብኡ ንላዕልን ዝኾኑ ኣባጽሕ ዝስዕቡ ምክንያታት ሓደጋ ዘለዎም፦
  - ብናይ ጾታዊ ርክብ ተቓላዕነት ንምሕማም ኣብ ሓደጋ ዘለዉ
  - ብናይ ቐርበት ወይ ልፋጭ ናብ ደም ምቕላዕ ኣብ ሓደጋ ዘለዉ
  - ናብ ማእከላይ ወይ ዝለዓለ ናይ ሄፓቲቲስ ቢ ዝርገሐ ዘለዎ ከባቢ ዝንቀሳቀሱ ሰባት
  - ሕዱር ናይ ጻላም ከብዲ ሕማም ዘለዎም ሰባት
  - HIV ዘለዎም ሰባት
  - ዝተኣሰሩ ሰባት
  - ኩሎም ካብ ሄፓቲቲስ ቢ ሓለዋ ዝደልዩ ሰባት።



**ብዓለም ደረጃ ብግምት 296 ሚልየን ሰባት**
**ምስ ሄፖቲተስ ቢ ይነብሩ ኣለዉ፤ ይኩን እምበር ብዙሓት ሰባት ስምዒት ወይ ምስሊ ሕማም ስለ ዘይብሎም ምሕማሞም ኣይፈልጡን እዮም።**



## እቲ ክታበት ዉሑስ ድዩ?

ክታበት ሄፓቲቲስ ቢ ዉሑስን ዉጺኢታዉን እዩ። ኣብ ኣሜሪካ ካብ 1982 ጀሚሩ ኣብ ጥቅሚ ዝወዓለ እዩ።

ብዓለም ምሉእ ደረጃ ልዕሊ ሓደ ቢልየን መጠን ናይ ሄፓቲቲስ ቢ ክታበት ተዋሂቡ እዩ።

ናይቲ ክታበት ልሙዳት ግብረመልስታት ካብ ፎኪስ ናብ ማእከላይ ረስኒ ወይ ቃንዛ ኣብቲ መርፍእ ዝተወጋኣሉ ቦታ እዩ። እዞም ጎናዊ ሳዕቤናት ካብ 1–2 መዓልትታት ክጸንሑ ይክእሉ እዮም።

## ናይ ሄፓቲቲስ ቢ ክታበት ኣበይ ክረኽቦ ይኽእል?

ብዛዕባ ክታበት ምዉሳድ ምስ ፋርማኻ፣ ወሃቢ ክንክን ጥዕና፣ ወይ ምስ ክፍሊ ጥዕና ከባቢኻ ተዛራረብ። ሓደሓደ ክሊኒካት ነጻ ወይ ብዝተሓተ ዋጋ ናይ ሄፓቲቲስ ቢ ክታበት የቕርቡ እዮም።

ናይ ጥዕና መድሕናት ንኩሎም ዕድሚኦም ክሳብ 59 ዝኾኑ ሰባትን ኣብ ናይ ምሕማም ሓደጋ ንዝርከቡ ዕድሚኦም ካብ 60 ንላዕሊ ንዝኾኑ ሰባትን ናይ ክታበት ክሽፍኑ ይክእኑ እዮም።

ምስ ትሓርሲ፣ ዉላድኪ ቅድሚ ካብቲ ሆስፒታል ምዉጻእኪ ናይ ሄፓቲቲስ ቢ ክታበት ክወስድ ይክእል እዩ። እቲ ክታበት ንሓደሽቲ ዝተወለዱ ብነጻ እዩ ዝወሃብ።